# <u>ሕብእቲ ሰልፊ ብዓይኒ ዘይኣባላታ</u>

**<u>ታደሰ ኪዳነ</u>** **<u>በርሚንግሃም</u>**
**<u>2ይ ክፋል</u>** **<u>21 ታህሳስ 2017</u>**

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይ ጽሑፈይ፡ ብዛዕባ ህዝባዊ ግምባርን ኣባላቱን ተዛሪበ። ቀጺለ’ውን “ <u>ሰልፊ ንውድብ ሜሪሓቶ”</u> ንዝብል ዘይቅኑዕ ግን ከኣ ታሪኽ ክጨዊ ናይ ዝደሊ ተበላጺ ኣተሓሳስባ ከብርህ ፈቲነ ። ከምሰልሳይ ዘልዓልኩዎ ነጥቢ ድማ ብዛዕባ’ቶም ብለይቲ ተሓቢኣ ትጸናቶ ግናይ ፍጥረት ምንባራ ከይፈለጡ ነቲ ሃገርን ህዝብን ሓራ ከውጽእ ዝተጸበይዎ ውድብ፡ መትከላቱን ኣሰራርሕኡን ኣተዓራርዩ ክኸይድ ብቕንዕና ዝጸዓሩ፡ ግን ከኣ ግዳይ ቅንዕናኦም ዝኾኑ ምሁራት’ውን ኣልዒለ ። ካልኣይ ክፋል ይቕጽል።

## <u>ሕጋውነት ምቕንጻል ኣባላት “መንካዕን የሚን”</u>

እቲ ብሓለዋ ሰውራ ዝፍለጥ፡ ባዕሉ ከሳሲ፡ ባዕሉ ሚሚርን ባዕሉ ቀታልን ዝነበረ፡ ብደምንጹሃት ኣያታትና ዝጨቀወ ኣካል ናይቲ ውድብ፡ ነቶምብ’መንካዕ’ ዝተጠመቑ ተጋደልቲ ተባሂሉ፣ ኣብ 1973 ዓ.ም ከምዝቖመይስሞ ኢዩ። ከምቲ ክብ ኢለ ዝገለጽኩዎ፡ እቶም ዝሓሸ ኣካዳምያውን ፖለቲካውን ድሕረ-ባይታ ሒዞም ዝተሰለፉ መንእሰያት፡ *“ኣሰራርሓና እናጽፈፍናን ተሓታትነትና ኣተኣታተናን ንኺድ”* ዝብል ቅኑዕን ኣብ ግዜኡ ዝተላዕለን ሕቶኦም ግዳያት ኢዩ ገይሩዎም። እቲ ብዓንተብኡ ዝተበላሸወ ሜሪሕነት፡ ሽማግለታትን ኮሚቴታትን ኣውጺኡ፡ ኣሰራርሕኡ ምስትኽኻል ንረብሕኡ ስለ ዘይነበረ፡ ንሕቶኦም ዝሰምዕ እዝኒ ኣይነበሮን። በቶም ለይቲ ለይቲ ዝእከቡ ኣባላት ሰልፊ ዝብሃሉ **ሕቡኣን** ገይሩ ድማ“**ሹት**!” ኢሉዎም። ጸልማት ከደኖ ከካብ ዝነበርዎ ድፋዕ ብለይቲ ኣኪቡ፡ ሰብ ኣብ ዘይርእዮ ስንጭሮ ኣኪቡ ኣጥፊኡዎም። ብለይቲ ኣኽላባቱ ኣኪቡ ንዘሕለፎ ውሳኔ፡ ብቕትሪ ኣብ ናይ ሓሶት ኣኼባ፡ በቲ ዝደለዮን ኣቐዲሙዝመደበ መንገዲ እና ኣቕረበ፡ ፍሉይ ርእይቶ ንዘቕረበ እናኣሰረ፡ ይሰርሕ ምንባሩ ድማንሰምዕ ኣለና። ብሕምዝበለ ኣብ ዝሕጎማት ቦታ <u>*“ሽው ክዛረቡ ነይሩዎም!”*</u> ምባል ድማጣቋ ዘለዎ ዘረባ ኣይኮነን። ቃል ንቓሉ ድማ <u>“ሽዑ ብሒም ኢልካ እንተ ትኽውን፡ መጥፋእናካ ነይርና !”</u> ዘስምዕ ፈኸራ ኢዩ።

ኣብዚ ብንጹር ክንርድኦ ዝግባእ፡ ብቕትሪ ኣብ ቃልዕ ንዝቀረበ ሕቶ፡ ብለይቲ ካብ ዝበዝሑ ኣባላት ተሓቢኣ ትእከብን ትውስስን ሰልፊ ንባዕላ ሕጋውነት ከም ዘይብላ ኢዩ። ንሳቶም ካብ ኩሉ ኣባል ተነጺሎም ምስ ተኣስሩ፡ እታ ንጥፍኣቶም ዘንቀለት፡ ንባዕላ ዘይሕጋዊት ንእሽቶ ፍጥረት፡ ካብ ውሽጣሰባት ሓርያ ዘቖሙታ

ጉጅለ'ኽ ከሜይ ኢላ ኢያ ሕጋዊት ወይ ዘይሻራዊት ክትከውን? ንዓኣቶም ድማእታ ሕብእቲ ሰልፊ፡ ካብ ሓለቓኣ ብዝተዋህባ ውሳኔ ቀንጺላቶም። እቲ ዝኸፍአ ከኣ፡ ገለ ምስሉያት ተጣበቕቲ ናይቲ ቅንጸላ ኮይኖምይከራኸሩ ምህላዎምኢዩ።

ገለ ተጣበቕቲ ናይታ ሕብእቲ ፍትረት ክገልጹ ከለዉ *“እቶም ናይ 1973 ጉዳዮም ብኮሚቴ ስለ ዝተወሰነ፡ ዝተዋህቦምናይ ሞት ፍርዲ ሕጋዊ ኢዩ። እቶምናይ 1976 ግን ብትእዛዝ ኢሰያስ ስለ ዝተቐትሉ፡ ፍርዶምሕጋዊ ኣይነበረን”* ክብሉ ይስምዑ ኢዮም። ሎሚኩሉ ነገር ከምጸሓይ ቀትሪ በጣዕጣዕ ኣብ ዝበለሉ እዋን ከምዚ ዝበለ ናይ “**ቲፎዞ**” ርእይቶ ምስማዕ ኣዝዩ ዝገርም ኢዩ። ናይዚ ርእይቶ'ዚ ተጣበቕቲ ድማ ኣብ ከውሊ ናይታ ሕብእቲ ሰልፊ ተሸጕጦም ኣንጻር ጸላኢ ዘይኮኑስ፡ ብጸቶም እናቀተሉ - ኣምሳይኡ ድማ ፍሉይ ሓለፋ እናተዋህቦምን ዝኣተዉ ምዃኖም ጥራይ ኢዩ ዘነጽር። ርእይቶኦም ብቐንዱ ንናይ ገዛእ ርእሶም ገበን፡ ወይ ድማ ጉንፆ ንዘሕለፉሎምገበነኛታት ኣቐዲምካ ንምክልኻል ኢዩ ዝመስል። እዚ ድማነቲ **“ምብላዕካ ዝለመደስ፡ ክርእየካ የንባሕቕ!”** ዝብል ናይ ኣበዋት ምስላ የዘኻኽረካ። ካብ ቲፎዞነት ወጺኦም ተመክሮኦም ብቕንዕና ክግምግሙ ክናስሑን ድማን መኽሮም፡

## **ማማዝኒታት ሕርያ ንኣባልነት ሕብእቲ ሰልፊ**

ሕጂ'ውን ገለ ካብቶም ኣብታ ሕብእቲ ሰልፊ ተዓቒቦም ዝኣተው ኣባላታ ነበር፡ ብዛዕባ ናብ ኣባልነት ዘእቱ ማማዝኒታት ክገልጹ ከለዉ፡ *“ተወፋይነት፡ ህርኩት፡ ጻዕረኛ፡ ናይ ዕላማ ሰብ፡ ማሕበርነታዊ ኣረኣእያ ዘለዎ፡ ሕሉፍ ሓሊፎምከኣ ንጡፍ ዲሞክራስያዊ ዝኮነ ሰብ ኢዩ ናብ ሕብእቲ ሰልፊ ይሕረ ነይሩ”* ይብሉና ኣለዉ። ነዘን ምቁራት ቃላት፡ ድሕሪ ናጽነት ዊስኪ እናጨልጥካ ከተኳምስዐን፡ ኣብ ሳሕል - ኣብ ትሕቲ ሜሬት ኣብ ዝተኻዕተ ገዛውቲ ድሙድሙ እናሰተኻ፡ ቀያሕቲ እናኣሚጽካ ክትደግመን ቀለልቲ ኢየን። **ኣፍልብኻ ብቐሓር እናተባሕጎጐ፡ ቆርበትካ ብቑሜል እናተበልዐ፡ ካብድኻ ብጡሞ፡ ምስ ጀጋኑ - ናብ ጅግና ተቐይርካ ጸላእትኻ ከተንበርክኽ ከለኻ ግን፡ እዘን ክብ ኢለን ዝተጠቕሳ ቃላት፡ ኣብ ኣፍካን ኣብ ትንሓግካን ዘይኮናስ፡ ኣብ ሰራውር ድምካ እየን ዘለዋ። ከም ዘለዋ'ውን ኣይትፈልጠንን- ናትካ ስለዝኾና። ኣይትንየተለንን - ናይ ኩልኻ ስለ ዝኾና። ኣይትደግመንን - ንመን ክትደግመን - ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ኩሉ እንድዩ ዝውንነን። መን ንምን ክንየተሉ - ናይ ኩሉ እንድየን።** ሎሚግን ሕቡኣንን ምስሉያትን ካብቲ ሓፋሽ ተጋዳላይ ሰሪቖምናቶም ክገብርወንን ክጨውዩወንን ይፍትኑ ኣለዉ።

እዘን ክብኢለን ዝተጠቕሳ ኣምራት እምባኣር፡ ክትዘረበለን ቀለልቲ - ግን ከኣ ኣብ ደምኩሉ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግምባር ዝሰረጻ ሓረጋት ኢየን። እቶምነዘን ቃላት ኣብለጫሊጮምዝዘረቡለን ዘለዉሕቡኣን ዝነበሩ ሰባት፡ ተጋዳላይ ብሓንቲ ሓረግ ኣጠቓሊሉ ይዘረበን ምንባሩ ዝተሰወጦምኣይመስሉን። እቲ **"ኣነ ክሓልፍ ንስኻ ጽናሕ!** ንስኻ ብህይወት እንተ ጸኒሕካ **ንሰውራን ሃገርን ዝሓሸ ከተበርክት ትኽእል ኢኻ!"** ዝበለ ማን ድዩ? ኩሉ ኣባል ናይቲ ግምባር ዶ'ኸ ኣይኮነን። ነዚኣቶም<u>"ታሪኽ ኣይትስረቑ!"</u> ክብሎምምዒተኹ።

ዲሞክራሲ ንዝበዝሐ ክፋል ሕ/ሰብ ዝውክል ቃል ኢዩ። ዲሞክራስያዊ ስራሕ ድማኣብ ቃልዕ፡ ኣብ ቅድሚኩሉ ህዝቢ ዝስራሕን ተሓታትነት ዘለዎን ኢዩ። ተሓቢእካ፡ ብጸልማት ዝስራሕ ስራሕ ኩሉ ድማ ብማሰረቱ **ጸረ-ዲሞክራሲ** ኢዩ። ተጣበቕቲ ሕብእቲ ሰልፊ ድማ ዝነበሮምሓለፋ ምኽኑይ ንምግባር ክብሉ፡ እነሆ ኣብ ቃልዕ ወኢኦም የህተፍትፉ ኣለዉ፡ <u>"ተሓቢአን ይጠንስኦ፡ ሰብ ኣኪበን ይሓርስኦ!"</u> ድዮምዝበሉ ኣቦዋት!!

ኣብ ገሊኡስ ወረ ዘገርምዘረባ ኢኻ ትሰምዕ። **"እቲ ክኣቱ ዝግበኦ፡ ነተን ክብ ኢለን ዝተጠቕሳ ነጥብታት ዘሟልእ ሰብ፡ ኩሉ ኣትዩ ኢዩ! ኣባል ሰልፊ ክኸውን ዝግብኦ፡ ዘይኣተወ የለን!"** ክብሉ ይስምዑ ኢዮም፡ እቲ ዝግብኦ፡ ኣባል ሰልፊ ኮይኑ ኢዩ ማለቶም ኢዩ። ኣባል ህዝባዊ ግምባር፡ እንተላይ እቶም ተገዲዶም ዝኣተዉኣባላት ናይታ ሰልፊ፡ ነዘን ክብ ኢለን ዝተጠቕሳ ነጥብታት ዘየሟልኡ እንተኾይኖምድኣ፡ ናጽነት ካበይ ነጢብ። እቲ ነብሱ ከይበቖቐ፡ ብምሉእ ድሌት ዝዋጋእ ዝነበረ ተጋዳላይ'ከ፡ "ኣባላት ሰልፊ ሸጉጥ ኣብ ጉንዲ እዝኑ ኣጸጊዖም **"ግባ**!" ኢሎምእናኣፈራርሑኢዮምኣዋጊኦሞ!!" ድዮምክብሉና?. .? ሕጂ'ውን ታሪኽ ኣይሰረቕ!! <u>ናጽነት ኤርትራ ክሳዶም ኣቕኒዖም ብዝተዋግኡ ጀጋኑ እምባር፡ ብሕቡኣንን ሓሚይትን</u> ኣይመጸትን።

## <u>ሕብእቲ ሰልፊ - ትካል ውሽጢስልያ ሜሪሕነት ህዝባዊ ግምባር (ኢሰያስ) ጥራይ ኢያ ነይራ</u>

ዝኾነ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝጨበጠኣካል (ኣብ መንግስቲ ይሃሉ ኣብ ውድብ) ስልጣኑ ንምሕላው፡ ሚርበብ ስርዓተ ስለያ ክህልዎ ባህርያዊ ኢዩ። እቲ ናይ ስለያ ትካል ድማ በቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ጉጅለ ወይ ውልቀ-ሰብ ብዝተሓርዩ ሰባት ይቖውም፡ ንህላዌ ናይቲ ዘቖሞኣካል ድማይሰርሕ። ፖለቲካዊ ስልጣን ብውልቀ-ሰብ (ንጉስ ወይ ውልቀ-መላኺ) ዝተታሕዘ እንተኾይኑ፡ እቲ ዝቖውም ናይ ስለያ ኣካል ድማ ንስልጣን ናይቲ ውልቀ-ሰብ - ካብ ተጻባእቲ ይሕልዎ። እቲ ስርዓት - ህዝባዊ፡ ዲሞክራስያዊ ወዘተ እንተኾይኑ ድማ እቲ ፖለቲካዊ ስልጣን ብማላኽትን

ተበለጽትን ንኽይጭው፡ በቲ ዘቖምናይ ስለያ ኣካል ይሕሎ። እዚ ኣብ ኩሉ ዓለም ዝስርሓሉ ኮይኑ፡ ስራሕ ስለያ ከኣ ኩሉ ግዜ ነቲ ዘቖሞ- ኣብ ስልጣን ዘሎ ኣካልን ስርዓተ ምሕደርኡን ምሕላውኢዩ።

ስርዓተ ስለያ ኣዝዩ ዝተሓላለኸን፡ ከምሰኪዐት ዝተጠናነገን፡ ግን ከኣ ኣዝዩ ቅልጡፍን ስሉጥን ስርዓተ ምሕደራ ኣለዎ። **ሰለይቲ ግን ፖለቲካዊ ስልጣን የብሎምን።** ፖለቲካዊ ስልጣን ብሓይሊ ብረት ይምጻእ ዋላ ብምርጫ ስርሖም- መራሕትን ንሰም ዘውጽእዎ ሕግታትን ምሕላው ኢዩ። ኣብ ቅዋማዊ ስርዓተ ምሕደራ'ውን እንተኾነ፡ ሰበ-ስልጣን ጥራይ ዘይኮነ፡ ቅዋምናይ ምሕላውተወሳኺ ሓላፍነት'ውን ይስከሙኢዮም። ትካላት ስለያ ግን መጽናዕቶምነቲ ዘቖሞምኣካል ሪፖርት ምግባርን፡ ተወሲኑ ዝመጾም ድማ ምትግባርን እምበር፡ ካብ ነብሰ-ምክልኻል ዝሓልፍ፡ ናይ ምውሳን ስልጣን የብሎምን።

ኣባላት ትካል ስለያ ነዚ ዝተባህለ ስራሕ ኣሚኖም ከሰርሕሉን ብተወፋይነት ከገልግሉዎን እንተኾይኖም ግን ብዘእምን ዘረባ ወይ ብጉንዖ፡ ወይ'ውን ብኽልቲኡ፡ ነቲ ስርዓተ ምሕደራ ብሓፈሻ ነቶምመራሕቲ ከኣ ብፍላይ ክቕበልዎምን ከም ዝኣምንዎም ክግበርን ኣለዎ። ኣብ መርበብ ስርዓተ ስለያ፡ ሓንሳብ ብኣባልነት እንተ ተመዝጊብካ ግን፡ ካብ መንነት ሰለይቲ ዝጅምር ሚስጢራት ክትፈልጥ ስለ ትኽእል፡ ካብ ኣባልነት ምስሓብ ወይ ምስራዝ ቀሊል ኣይኮነን። ብዘዕባ'ቲ ኣካል ስለያ ኮንካ ዝፈለጥካዮ ስውር ሚስጢራት ክትዛረብ እንተ ጀሚርካ ድማ፡ ኣብ ሕግን ፍርድን ከይቀረብካ፡ ብስውር ክትጠፍእ ዘለካ ዕድል ዝዓበየ ኢዩ። ነቲ ኣባል ስውር ስለይኡ ክትከውን ዝሚጸካ ስርዓት ወይ ጉጅለ ጠንጢንካ፡ ሃገር እንተ ቐየርካ'ውን፡ ንሕልፈት ክትህደን ኢኻ ትነብር። ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ ኣባል ከይ-ጂ-ቢ (KGB) ዝነበረ ቾቨቸንኮ - ኣብ ሎንዶን ዘጋጠሞ ቅትለትን፡ ኣባል ሕብእቲ ሰልፊ ዝነበረ የማን ተኽለገርግስ - ኣብ ጀርመን ዘጋጠሞፈተነ ቅትለትን ከምኣብነት ዝጥቀሱ ኢዮም።

ህዝባዊ ግምባር ካብ ናይ ውሽጢጸላእቱ ዝሕልዎ፡ ብወግዒ ዝፍለጥ ውሽጣዊ ናይ ስለያ ትካል ኣይነበሮን። እቲ ኣንጻር ናይ ግዳም ጸላኢ (መግዘእትን ተሓባበርቱን) ዝግበር ወታደራዊ ስለያ ግን፡ ዳርጋ ኩሉ ህዝቢ ብድሌት ዝሳተፎ፡ ብክፍሊ 72ን ዝፍለጥ፡ ስሉጥ መርበብ ትካል ስለያ ነይሩዎ ኢዩ። እቲ ውሽጣዊ ስለያ ግን ኩሉ - ብኣባላት ናይታ ሕብእቲ ስለፊ ኢዩ ዝካየድ ዝነበረ። ተጠቃሲት ሕብእቲ ስልፊ ድማ ውድብ እትመርሕ ፖለቲካዊት ኣካል ዘይኮነትስ፡ ስልጣን ውልቀ ሰብ (ኢሰያስ) እትሕሉ፡ ናቱ ናይ ውልቁ ናይ ስለያ ትካል ኢያ ነይራ፡ ወይ ድማ በብቑሩብ ናብ ከምኡ ተለዊጣ። ኣብ ኩለን ኣሃዱታትን ሓይልታትን ናይቲ ውድብ ዝተሰኹዑ ግን'ከኣ ዘይፍለጡ ብሕቡእ ዝሰርሑን ተሓቢኦም ዝራኸቡን

ኣባላት ነይሮሞ፡ ቀንዲ ስርሖም ከኣ ወታደራዊ ስራሕ ዘይኮነ፡ ኣብቲ ዘለዉዎ ኣሃዱ፡ ንሜሪሕነት ህዝባዊ ግምባር (ኢሰያስን ንሱ ዝሓረዮም ሓለፍትን) ዝትንክፍ፡ ዝኾነ ርእይቶ፡ ሕቶ ወይ ነቐፌታ ምስ ዝለዓል ምክልኻልን ምጽፍላቕን፡ ቀልጢፍካ ናብ ላዕለዎት ኣባላት ናይታ ሰልፊ ምትሕልላፍን፡ ነቶም ዝድለዩ ሰባት ኣብ ሜጳ ወድያ ከም ዝኣትዉ ብምግባር፡ ሓሶታት ምፂዝካን ጠቒንካን፡ ናብታ - ሜራሒ ናይታ ሰልፊ (ኢሰያስ) ባዕሉ ዘቖማ ሓለዋ ሰውራ ምልኣኽን ኢዩ።

ንሜሪሕነት ኢሰያስ ወይ ንሱ ዘቐመጦ ሰብ ዘይቅበል፡ ግን ከኣ ኣብቲ ዘለዎ ኣሃዱ ልዑል ተቐባልነት ዘለዎ ሜራሒ ምስ ዘጋጥምድሞ ኣብቲ ምስ ጸላኢ ዝግበር ውግእ ብሕቖኡ ተሃሪሙ ከም ዝእለ ይግበር። ነዚ ዘሳልጡፍሉያት ሰባት ድማ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ሰልፊ ተሓርዮም ይለእኹ ነይሮም፡ ወታደራዊ ሓላፍን ኣባል ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ህዝባዊ ግምባርን ዝነበረ ተጋዳልይ ኢብራሂም ዓፋ በዚ ኣገባብ'ዚ ከም ዝተቐትለ ዝበዝሐ ኣባል ህዝባዊ ግንባር ዝሰማምዓሉ ክኸውን ከሎ፡ ከም በዓል በርሀ ጻዕዳ፡ ወልደሚካኤል ሃይለ፡ ኢሰያስ ተወልደብርሃን፡ ዝኣማሰሉ ህቡባት ዝነበሩ ሓለፍቲ ድማ ግዳያት ናይዚ ኣቀታትላ'ዚ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም' ዝብል ወረታት ክነፍስ ንሰምዕ ኣሎና።

ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግምባር ዝነበረት ሕብእቲ ሰልፊ እምብኣር፡ ህቡባትን ሓያላትን ሃገራውያን ቀንጺላ፡ ኣብ ህዝባዊ ግምባር ስርዓተ ተሓታትነትን ርእሰ-ምትእምማንን ቀቲላ፡ ክቱር ውልቀ-ምልኪ ከም ዝነግስ ዝገበረት ናይ ስለያ ትካል እምበር፡ እዚ ዝበሃል እትፍለጡሉ ፖለቲካዊ ስራሕ የብላን። ንባዕላ ማሕበርያ ውልቀ-ሰብ እምበር ሜራሒት ኣይነበረትን። ንናይ ዕላማብጾትካ ብቓጻ ስለ ዝሰለኻዮምን፡ ብቓጻ ከም ዝጠፍኡ ስለ ዝገበርካን - ንነብስኻ ከም ሜራሒ ክትቆጽራ እንተ ፈቲንካ ግን ተማኢስካ ወኒንካዮ ንዘለኻ ስርዓተ- ኣእምሮ ምፍታሽ ከድልየካ ኢዩ።

ብጭቡጥ ንምዝራብ፡ እዛ ንዛረበላ ዘለና “ሰልፊ”፡ ከም ሰልፊ ዘቑጽራ ካብቲ ውድብ ዝተፈልየ፡ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ኮነ እትምርሓሉ ዝኾነ ዝፍለጥ ሕግን ኣሰራርሓን ኣይነበራን። ስሩዕ ኣኼባ ይኹን ኣባላታ ዝፈልጥዎ ወይ ዝርድእዎ ፖለቲካዊ ቅርጺ ኣይነበራን። ኢሰያስ ኣብ ዝደለዮ እዋን ዝእክባ፡ እንተ ደልዩ ዝፍንጥሓ፡ ዋላ'ውን ብኻልእ ዝቕይራ ትካል ነይራ። ስሩዕ ጉባኤ'ውን ገይራ ኣይትፈልጥን። ኣብቲ ውድብ ክብድ ዝበለ ነገር ምስ ዝፍጠር፡ ወይ'ውን ጉባኤ ክግበር ኣብ ዝድለየሉ እዋን ጥራይ፡ ባዕሉ ኣኪቡ መምርሒ ዝህባ፡ ንዝተዋህባ መምርሒ ድማ ብዘይ ገለ ሕቶ እትፍጽም ማሕበርያ እምበር፡ **ዝኾነ ናይ ፖለቲካዊ ሰልፊ መዐቀኒ ተማልእ ኣይኮነትን።**

ዕማማት ስርዓተ ስለያ፡ ከምስሙሕቡእን ስዉርን’ኳ እንተኾነ፡ ዳርጋ ኣብ ኩለን ዉድባት ኮነ መንግስታት፡ ትካላዊ ኣሰራርሓ ዝኸተልን ተሓታትነት ዘለዎን ኢዩ። እታ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግምባር ዝነበረት፡ ብሕብእቲ ሰልፊ እትፍለጥ፡ ትካል ስለያ ኢሰያስ ግን፡ ትእዛዛት ሜራሒኣ ካብ ምፍጻምዝሓልፍ፡ ትካላዊ ተሓታትነት ኣይነበራን። ንሳ ዝፈጸመቶ ገበን - ከምዘይተፈጸመ ተረሲዑ ክተርፍ ኣለዎ። ከም ገለ እንተ ተወዓዊዑ ድማ ግዳይ ዝኾኑ ሰባት ተደልዮም ተሰከምቲ ናይ ዘይፈጸምዎ ገበን ይኾኑ። ንሳ ዝቐተለቶም ሰባት - ከምዝ ዘይተፈጥሩ ተረሲዖም ክተርፉ ኣለዎም፡ ፍሉጣት እንተ ነይሮም ድማ ተዓዘቢ ነብሶም ከም ዝቐተሉ ክኣምኑ ኣለዎ። ኩሉ ዘይከኣል እንተ ኾይኑ ድማ፡ ንሳቶም ክምልሱ ኣብ ዘይክእሉ ቦታ ምስ ተደርበዩ፡ ብድሕሪኦም ተሓተትቲ ናይ ብዙሕ ዘይፈጸምዎ ገበና ገይራ ትኸሶም፡ ‘እዚ ሓሶት ኢዩ’ ዝብል ወይ ‘ሰላዪ ኣይነበርኩን’ ዝብል ኣባል ናይታ ሰልፊ እንተልዩ፡ ስሙይን ኣድራሻይን ኣብ ላዕሊ ኣሎ፡ ሃየ ኣፉ ይኸፈት!![1]

➢ > > > ኣብ ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል የራኽበና > > > >